# ምስጢረ ቀንዴል
# Unction of the Scik

www.debresahl.com



# ምስጢር Sacrament

- “ጥበብ ቤታ ሃነጸት 7 ኣዕኑዳ ጸረበት።” ምሳሌ 9፤1

- ምስጢር ማለት ሕጊ ወይ ድማ ትእዛዝ ኮይኑ

- ሓደ ኣማኒ ብዝርአ ነገር ዘይርአ ጸጋ ኣምላኽ ዝረኽበሉ ኢዩ።

# ዝሰርዖ

- ምስጢር ዝሰርዐ ክርስቶስ ኢዩ።

ግብ 1፤2 – 3

“ክሳዕ እታ ዝዓረገላ መዓልቲ ነቶም ዝሓረዮም ሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ለኣኾም፥ ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኽም ዘርኣዮምን ጽሒፈልካ ኣሎኹ።”

# 7 ምስጢራት ቤ/ክ

1 ጥምቀት Baptism

2 ሜሮን Myron/Confirmation

3 ንስሓ Repenetance and Confession

4 ቁርባን Holy Communion

5 ተክሊል Holy Matrimony

6 ክህነት Holy Orders

7 ቀንዴል Unction of the Sick

# ንኹሉ ኣማኒ ዘድልዩ ምስጢራት

1 ጥምቀት Baptism

2 ሜሮን Myron/Confirmation

3 ንስሓ Repentance and Confession

4 ቊርባን Holy Communion

# ንፍሉያት ዘገድሱ ምስጢራት

- ንቤ/ክ ዘድልዩ ምስጢራት፥
  - ተክሊል - ንዕብየት ደቂ ሰባት
  - ክህነት - ኣገልግሎት ቤ/ክ

# ቀንዴል

# ምስጢረ ቀንዴል

- ትርጉም ፤

ካህን ንሓደ ዝሓመመ ሰብ ኣካላቱ ብቅዱስ ቅብኢ እናለኸየ ምሕረት ካብ ኣምላኽ ዝልምነሉ ምስጢር ኢዩ።

# ምስጢረ ቀንዴል

- ንኣማኒ ጥራይ ዝወሃብ ከም ኣገዳስነቱ ክድገም ዝኽእል ምስጢር ኢዩ!

“ኣብ ማእከልኩምከ ዝሐመመዶ ኣሎ፧ ንሽማግሌታት/ካህናት ማሕበር ይጸውዕ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘይቲ እናለኸይዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ። እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ እያ፡ ጐይታውን ከተንስኦ እዩ። ሓጢኣት ገይሩ እንተ ኾይኑውን ኪሕደገሉ እዩ። እምብኣርሲ፡ ምእንቲ ኽትፍወሱ፡ ንሓድሕድኩም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ፡ ምእንቲ ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ። ጸሎት ጻድቕ ብግብሪ ብዙሕ ተስልጥ እያ።” ያዕ 5፥14-15

# ምስጢረ ቀንዴል

- ቀንዴል ብካህን ጥራሕ ይፍጸም

(ማቴ 28፥19) ‘ ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ እናኣጥመቕኩም..ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም።’

መድሕን ዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ጥምቀት ንሓዋርያቱ ዝኣዘዞም ስራሕ ኢዩ ነይሩ፡ ካብ ሃዋርያት ድማ ኣርድእቶም/ሰዓብቶም ዝነበሩ ኤጲስቆጶሳት፡ ቀጺሉ ድማ ናብቶም ብኢድ ሓዋርያትን ኤጲስቆጶሳትን ዝተሸሙ ናብ ካህናት ተሰጋገረ።

# <u>ምስጢረ ቀንዴል</u>

- ቀንዴል ብቅዱስ ቅብኢ (ዘይትን) ጸሎትን ይፍጸም።

* ነዚ ምስጢር ዝቕበል ዝሓመመ ሰብ ጥራይ ኢዩ።

* እቲ ሰብ ቅድሚ ነዚ ምስጢር ምቕባሉ <u>ክንሳሕ</u> የድልዮ።

* እቲ ካህን ድማ ጸሎት እናጸለየ ኣካላት እቲ ሕሙም ይቐብእ

# ምስጢረ ቀንዴል

- ነዚ ምስጢር ዝሰርዐ ክርስቶስ ኢዩ።

ነቶም ዓሰርተው ክልተ ድማ ጸውዖም በብኽልተውን ኪልእኦም ጀመረ። ኣብ ርኹሳት መናፍስቲ ኸኣ ስልጣን ሀቦም። …ንሳቶም ድማ ወጺኦም፡ ሰብ ኪንሳሕ ሰበኹ። ብዙሓት ኣጋንንቲ ኣውጽኡ ንብዙሓት ሕሙማትውን ዘይቲ ለለኽዮም ኣሕወይዎም። ማር 6፥ 7 - 13

# ምስጢረ ቀንዴል

- ምስጢር ማለት ብዝርአ ነገር ዘይርአ ጸጋ ኣምላኽ ንቕበለሉ ከምዝኾነ መሰረት፥ ምስጢረ ቀንዴል’ው

**ዝርአ**

* ዘይትን
* ዝጽለ ጸሎትን ኢዩ። (ካህን)

**ዘይርአ**

* ድሕነት ካብ ኣምላኽ

“እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ እያ፡ ጐይታውን ከተንስኦ እዩ።” ያዕ 5፥15

# ምስጢረ ቀንዴል

- ስርዓተ ቀንዴል ኣብ ዝፍጸመሉ ግዜ፤

* እቲ ካህን ኑቲ ዝሓመመ ሰብ ብብሕቲ ረኺቡ የነስሖ።

* እቲ ካህን ክጸውም ኣለዎ።

* ቤተሰብ እቲ ሕሙም’ውን እግዚአብሔር ምሕረቱ መታን ከውርድ ክጸሙ ይግባእ።

* ንስሓ ምስ ተፈጸመ እቶም ቤተሰብ ኣብቲ ስርዓተ ቀንዴል ክርከቡ ይግባእ።

* ስርዓተ ቀንዴል ምስ ተፈጸመ ድማ እቲ ሕሙም ቅዱስ ቁርባን ክወስድ ይግባእ።

ወስብሐት ለእግዚአብሔር።